# ኤርትራ ብዓይኒ ወጻእተኛታት



Lars Adaktusson
SVD onsdag 20 juni 2007

## ኤርትራ - ሓርነት ዘይብላ ዓመጽ ዝመለለይኣ
### (ጋዜጠኛ ላርስ ኣዳክትሶን)

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝቢ ሽወደን ንበዓል ፍርቂ ሓጋይ ክሸባሸብ ከሎ፣ ሓሳባተይን ምስትንታነይን ናብ መሳርሕተይን ወዲ ዓደይን ድሮ ንሽዱሽተ ዓመት ዝቃራረብ ኣብ ቤት ማእሰርቲ እታ ኣብ ዓለም ዝተነጸለት ሃገር ዝርከብ ኣዕሊቡ ኣሎ። ዋና ጋዜጣ ዳዊት ኢሳቕ እቲ ሓደ ጋዜጠኛ ሽወደናዊ ብምኽንያት ዝነበሮ ርእይቶ ብዘይ ወግዓዊ ክስን ብሕጊ ዘይተራእየ ኣገባብን ኣብ ማእሰርቲ ዘሎ ኢዩ። ቅድሚ ገለ ሰሙናት ብዛዕባ'ዞም ንዳዊት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓጽዮም ዘሎዉ መራሕትን ስርዓተ ፖለቲኮኦምን ክፅ ዘብ ኪኢለ ነይረ። ሓደ ካብቶም ዉሑዳት ጋዜጠኛታት ንኤርትራ ክበጽሑ ዝኸኣሉ ኰይነ፣ ነዚ ኣብ መንጎ ቀይሕ ባሕርን ገማግም ምብራቓዊ ኣፍሪቃ ኣብ ጽቡቕ ከበሳታት እትርከብ ንእሽቶይ ሃገር ክርኢ ኪኢለ ኢየ።

ኤርትራውያን ካብ 40 ዓመት ንላዕሊ ንነጻነቶም ዝተቓለሱን ብኣሰቃቒ ኩናት ዝተሳቐዩን ኢዮም። ምስ'ዚ ኩሉ ከቢድ ሽግር ግጭት ምስ ኢትዮጵያ ኣየብቀዐን። ካብቶም ሰለስተ ሚልዮን ተቐማጦ ኤርትራ ብግምት 300.000 ሽሕ ኣብ ናይታ ሃገር ግዱድ ወተሃደራዊ ሰራዊት ይርከቡ። ዝበዝሑ ኤርትራውያን መነባብረኦም ብዓመጽን ስእነት ሓርነትን ዝተመልአ ኢዩ። እዚ ዘየቋርጽ ሃለዋት ኲናት ኣብ ኩሉ ደረጃታት ህይወት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ሳዕቤን ኣለዎ። እቲ ሃገራዊ ዋሕስነት ብዘየቋርጽ ሓደጋ ካብ ሓይሊ ጎበጣ ኣብ ኩሉ ፖለቲካውን ቍጣባውን መዋቕር ዘንጸላሉ ደበና ኰይኑ ንመዓልታዊ ህይወት ናይ'ቲ ህዝቢ ዝቋጻጸር ኢዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ኣረኣእይኡ በዚ ዝተሓጽረ ስለዝኾነ ዓለም ብኡ ተመልኪታ ንጉዳይ ዳዊት ኢሳቕ ክትፈርድ ኢዩ ዝደሊ። ሰበ ስልጣናት መንግስቲ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝረኸብኩሉ መልእኽቶም ክገልጹ ከለዉ፣ ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ስለእትርከብ ንሃገራዊ ጸጥታ ዘየኽብር ተታሒዙ ኣብ ማእሰርቲ ክኣቱ ኣለዎ ኢዮም ዝብሉ። ዳዊት ኢሳቕ ምስ ሓደ ጉጅለ ጋዜጠኛታት ተቓውሞ ዝነበሮም ፖለቲከኛታትን ኣብ መስከረም 2001 ክእሰሩ ዝኸኣሉ ዘቕረብዎ ነቐፈታ ንቓልሲ ኤርትራ ኣንጻር ኢትዮጵያ ስለዘዳኸመ ኢዩ። ጸቕጢ ሰብኣዊ መሰላትን ነጻ ርእይቶን ዉጽኢት ፖለቲካዊ ሓላፍነት ኢዩ ብምባል ሰበ ስልጣናት መንግስቲ መደምደምታ ይህቡ። ዲፕሎማሲ ሽወደን ኣብ ጉዳይ ዳዊት ኢሳቕ

በዚ ዓሚቑ ሱር ዘለዎ ፖለቲካዊ ተዛማድነት ዝተቐርቀረ ኢዩ። ብምኽንያት ሓደጋ ካብ ኢትዮጵያ ኩሉ ክትገብር ፍቑድ ኰይኑ፡ ዋላ ሓደ ካልእ ዝግበር የለን።

ሽወደን ሕቶ ዋሕስነት ሰብን ነጻ ርእይቶን ኣልዒላ ክትምጉት ከላ፡ መልሲ መንግስቲ ኣስመራ ምስ ውዲታዊ ክለሳ ሓሳብ ኣጣሚሮም ዉሽጣዊ ጉዳይ ሃገር'ዩ ኢዮም ዝብሉ። እዚ ዕጹው ምኽንያት'ዚ ከም ቅቡል ተወሲዱ ጉዳይ ሰብኣውነት ተወጊኑ ኤርትራውያን ኢዮም ዝሳቐይሉ ዘለዉ። እሱር ዳዊት ኢሳቕ በዓልቲ ቤቱን ሰለስተ ደቁን ኣብ ሽወደን ምህላዎም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ኣማሓደርቲ ዝስቆሮም ኣይኰነን። ሚኒስተር ሓበሬታ ዓ ሊ ዓብዱ ድሕንነትን ሞትን ዳዊት ኢሳቕ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ'ዩ ተባሂሉ ዝረአ፡ ኣቡኡ ንመንግስቲ ኤርትራ ስለዝነቐፈ ንገዛእ ኣቡኡ ዝኣሰረ ኢዩ። ንዓሊ ዓብዱ ኣብቲ ዓቢ ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ሚኒስትሪ ሓበሬታ ቃለ መሕትት ኣብ ዝገበርኩሉ ዳዊት ኢሳቕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምህላዉ ንነብሱ ኢዩ ክሽስስ ዘለዎ ክብል ኣረጋጊጹለይ። እቶም ኣብ ሽወደን ዝነብሩ 18.000 ሽሕ ኤርትራውያን ተማሳሳሊ ርእይቶ ኢዩ ዘለዎም። ንሱ እንተዘይከውን ኣብ ወወርሒ 2% ካብ ደሞዞም ንመንግስቲ ኤርትራ ኣይምኸፈሉን። ቀጺሉ ሽወደን ኣብ ጉዳይ ዳዊት ኢሳቕ ኢድ ዘእቱ የብላን፡ ምኽንያቱ ኤርትራዊ መለለይ ካርድ ካብ ናይ ሽወደን ፓስፖርት ዝዓበየ ኣገዳስነት ኣለዎ ክብል ኣነጺሩ። ዳዊት ኢሳቕ ካብ 1992 ኣትሒዙ ሽወደናዊ ዜጋ ምዃኑ ኣገዳስነት የብሉን። እቲ ኩነታት ከምዚ'ዩ። ክሳብ ሕጂ ዘሎ መስመር መጎተ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ፍታሕ የብሉን። በዚ ምኽንያት'ዚ ኢዩ ሕጂ ህዝቢ ሽወደን ንበዓል ፍርቂ ሓጋይ ክሸባሸብ ከሎ ሓሳባተይ ኣብ ዳዊት ኢሳቕ ዝርከብ ክብል ጋዜጠኛ ላርሽ ኣዳክቱሶን ምቕዛኑ ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራን ህዝባን ኣብ ሃገራዊ ጋዜጣ ሽወደን ስቨንስካ ዳግብላደት (Svenska Dagbladet) ዕለት 20 ሰነ 2007 ኣስፊሩ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ብዲፕሎማስያዊ ሞያ ጋዜጠኝነት ዝተሰነየ ጽሑፍ ላርሽ እቲ ብዙሕ ክዝረበሉን ክትንተንን ዝጸንሐ ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ክንደይ መገዲ ሕሰምን ጥፍኣትን ዘቕነዐ ምዃኑ ኢና ንዕዘብ። ንሽወደናውያን ናይ ቀረባ ኣዕሩኽቱን ብጾቱን ምብፃን ዳዊት ኢሳቕ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ህግደፋውያን በብግዚኡ ክሓትሉን ንምፍትሑ ዘየባየትኽ ቃልሲ ከከይዱን ሰብኣውን ባህርያውን ኢዩ። ዓሊ ዓብዱ ኣብ ሽወደን ዝቕመጡ 18.000 ሽሕ ኤርትራውያን ካብ ደሞዞም 2% ንመንግስቲ ይኸፍሉ ከምዘለዉ ብፈኸራ ገሊጹዎ። እቲ ምጉቡዕባዕን ሓሶትን ዝተሓወሶ ቃሉ ገለ መበገሲ ኣለዎ። ነዚ ጨካንን ሕግን ስርዓትን ዝይክተል ግዝኣተ ህግደፍ 2% ዝኸፍሉ ኤርትራውያን ኣለዉ። ኣብ'ቲ በዚ ብሓሶትን ግፍዕን ዝምራሕ ዝዳሎ ዝሩግ ፈስቲቫላት ዝኸዱ ኤርትራውያን እዉን ኣለዉ። እቲ ዓቢ ቤት ጽሕፈት ዓሊ ዓብዱ ንኤርትራውያን ክተናኹልን ክብዳዓሉን ዝውዕል ዘሎ ኸኣ በዚ ዝፍክረሉ ዘሎ ገንዘብ'ዩ ዝምወል። ዓሊ ግዳይ ኣረመናዊ ስነሓሳብ ህግደፍ ኢዩ። ካብ ዕሸል ዕድሚኡ ብመርዛም መርፍእ ምልካውነት ዝተኾስኰሰ ኤርትራዊ ኢዩ። ኩሉ ሕልንኡን ቀልቡን ሰዊሩ ዝነብር ዘሎ ሰብ ከኣ ኢዩ።

እዞም ኣብ ሽወደን ሰብኣውነትን ፍትሕን ደሞክራስን ብዝመርሖ ስርዓት ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ ሕብረተ-ሰብ ሽወደን ደቆም ብሰላም እናኣዕበዩ ሸምጊሎም ክንክን ዝረኽብሉ፡ ልዕሊ ኹሉ ግን ብሰላም እናነበሩ ኣብ ኤርትራ ንዘለዉ ወገናቶም ኣብ ኣርዑት ባርነት ቈሪኑ ንዝነብር ስርዓት ኣብ ወወርሒ ካብ ደሞዞም 2% መቐጥቀጢ ዝኸውን ገንዘብ ምኽፋሎም ኘክትርድኦ ዘጸግም ኩነት ኢዩ። ዓሊ ዓብዱ 18.000 ሽሕ ኤርትራውያን ገንዘብ ይልእኩለይ ኣለዉ ምባሉ ግን ምስጢራዊት ካሳ ህግደፍ ገንዘብ

ክትመልእ ከላ የብላን ዝብል ፕሮፓጋንዳ ምዝርጋሕ ክትስእን ከላ ኣለዋ ዝብል ወረ ምብታን ቀንዲ ኣምስሉ ስርሖም ኢዩ። እቲ ሓቂ ግን ምእካብ ገንዘብ ህግደፋውያን ካብ ሽወደናውያን ኤርትራውያን ካብ ምግሓጥ ናብ ምእራይ ወሪዱም ይጓናብሑ ምህላዎም ኢዩ ዝፍለጥ። ይኹ'ምበር እዞም ዓሊ ዓብዱ ንፈኸራ ተጠቒሙሎም ዘሎ ከፈልቲ፥ ኣእምሮኦም ዘማዓራርዩሉ ንሕልንኦም ዝእዘዝሉ መቓልሕ ክኾኖሎም እናተመነና መልእኽቲ ላርሽ ኣዳክትሶን ምስ ዉጹዕ ህዝብኹም ምሕዝነት ክህልወኩ'ዩ ዝጽውዕ ዘሎ።

ኣብ 2000 ዓ.ም. ንፖለቲካዊ መገዲ ኤርትራ ንሰላምን ምዕባለን ከምርሕ ዝኽእል ዝነበረ ጻዊዕትን መልእኽትን ኣባላት መንግስትን ጋዜጠኛታትን ዓበይቲ ዓድን ካብ ወጻኢ ዝተኣኻኸቡ ብጉጅለ 13 ዝፍለጡን ድልየትን ትጽቢትን ሰፊሕ ህዝቢ ነጺጎም ዝጀመርዎ ኲናት ምስ ህዝብን ጐረባብቲ ሃገራትን ብምቕጻል ኣብዘይዉዳእ ዉግእን ወረ ውግእን ነቓኂቶም መሳርያ መቐጸል ዘይዓግብ ሽውሃቶም ንምርዋይ ንምሉእ ህዝቢ ምርከኖኦም ገይሮሞ ኣለዉ። እዛ ንግሆ ንግሆ ዘልዕልዋ መፋራሪሂት፥ ሃገርና ኣብ ሓደጋ ስርዓት ወያኔ ኢያ እትርከብ ትብል ጭርሖኦም ሰባብ ንወጋሕታ ሓርነት እተናውሕ መሳርያ ኢያ። ኣቲ ኲናት ከጀምሮ ዝኸኣለ ምኽንያትን ብሳዕቤኑ ዝጠፍአ ህይወትን ንብረትን ኣብ ኣእዳዎም ተሰኪሞም ዘለዉ ጉጅለ ህግደፍን መራሒኡ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ምዃኑ ኢና ንርዳእ። ገበኖም ከኣ ይቕጽል ኣሎ። ንንእሽቶ ሃገርን ሒደት ህዝብን መሳርሒ ገይሮም ንደቃ ብኣማእት ኣሽሓት ንመፈራርህን ጃህራን ኣብ ድፋዓትን ወተሃደራዊ መዓ ስከራትን ዳጒኖም ኣብ ኢትዮጵያ፥ ኣብ ሶማል፥ ዳርፉር ጣልቃ ብምእታው ኣብ ሃገርን ዞባናን ማእከል ጠንቅን ዕግርግርን ኰይኖም ኣለዉ።

እቲ መራሕ ህግደፍ፥ ኢትዮጵያ ዶብ ምሕንጻጽ ኣብያትኒ ኢሉ ብኣፉ ዘመኽንየሉ ጉሳዕ ብልቡስ እሺ ሕጂ ንሓንጽጾ ከይብልዎ ኣናሰገአ ኢዩ ዝነብር ዘሎ። ኢሳያስ ዶብ ክሕንጸጸሉ ኣይደልን ኢዩ። ኣቲ ኣብ 1992 ዓ.ም. ዶብ ንዓና ትርጉም የብሉን ዝበሎ ሓሳብ ክርሳዕ የብሉን። እቲ ምኽንያት እምበኣር ዶብ ኣይኮነን። ስሱዕ ገባቲ ሓሳቡ ድኣ'ምበር። ሽግርን ጸበባን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብዘይካ ስርዓት ህግደፍ ካልእ የለን። ራህዋን ሰላምን ዝመጽእ ብምልጋስ ህግደፍ ካብ ዘለዎ ኰረሻ ስልጣን ጥራይ ኢዩ ዝፍታሕ።

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
22 ሰነ 2007